# ድሕነት

ንሰላም፣ ንደሞክራሲ፣ንፍትሒ፣ ንማዕርነት፣ ንምዕባለ፣

ብቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ትዳሎ ክልተ ወርሓዊት መጽሄት
ወርሒ ጥሪ - ለካቲት 2010፡ 5ይ ዓመት፡ ቁ.1

- ዓወት ንፖለቲካዊ ውሳኔታት ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ!!
- ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ !!

# መግለጺ

## ፈጻሚ ኣካል፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
## ብዛዕባ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት
## ዘመሓላለፎ ውሳኔ እገዳ፡

ብመጀመርታ ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ሶማል ብዝኽተሎ ፖሊሲታትን፡ ማሕበረ ሰብ ዓለም ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ጂቡትን ዘሎ ዶባዊ ምስሕሓብ ብሰላማዊ መንገዲ ፍታሕ ንምርካብ ዝተገብረ ጻዕርታት ብምንጻግ፡  ኣብ ምጥቃም ስነ-ሞጎት ሓይሊ ዝተሞርኮሰ  ፍታሕ ንምስግዳድ ዘካየዶም ፈተነታትን ብዝምልከት ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዕለት 23 ታሕሳስ 2009 ንዝወሰኖ ውሳኔ ንኢዱ። ከምኡ'ውን እዚ ውሳኔ'ዚ፡ ኣብ ኣፈጻጽማኡ ኣብ ሞንጎ'ቲ ብቐጥታ ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ጉድኣት ንምብጻሕ ዕላማ ዝገብርን፡ ንህዝብና ብኣሉታ ጸልዩ ንዝያዳ ሰብኣውን ማሕበራውን ስቅያት ዘየሳጥሕን፡ ዝፈሊ ወድዓዊ ኣልያታት (መሳርሕታት) ብምቕማጡ፡ ይንእድ።

ምስ'ዚ ተታሓሒዙ ግን፡ ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ኮረሻ ስልጣን ካብ ዝደየበላ ግዜ ኣትሒዙ  ማሕበረሰብ ዓለም እናረኣዮን እናሰምዖን ክግህሶ ዝጸንሐን ዘሎን ሰብኣዊ መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሳኔኡ ከይጠቐሶ ብምሕላፉ፡ ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ቅሬታኡ ከይገለጸ ክሓልፍ ኣይደልን።

ፈጻሚ ኣካል፡ ነዚ ዕድል'ዚ ተጠቒሙ፡ ኣባላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ምፍጻም ውሳኔ ባይቶ ጸጥታ ምእዙዛት ምኳን፡ ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ ርትዓዊ መሰላቱ ኣብቲ ኣህጉራዊ ቻርተራት ንሰብኣዊ መሰላት ዝሰፈሩ ካብ ምጥቃም ዝሓረሞ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ምውዳቕ ዝሕግዝ መቕድም ምኳኑ የረጋግጽ። ብተወሳኺ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓራ ድልየቱ ሓርነትን ደሞክራስን ፍትሕን ኀይታነት ሕግን ዘስፍን ፖለቲካዊ ስርዓት ንምትካል መንገዲ ዝምድምድ'ዩ።

ጸረ'ቲ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ትርጉም ኣልቦ ኵናታት ዘባርዕን፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ካልእ ሽግራት ዝጽሕትርን፡ ብንጹር ኣዘራርባ ኣብዚ ዞባ'ዚ ኣብ ሞንጎ ህዝብታትን ሃገራትን ክምዕብል ዝግብኦ ዝነበረ ሕውነታውን ሰላማውን ዝምድና ከይምዕብል በታኒ ግደ እናተጻወተ፡ ባእታ ዕግርግር ኮይኑ ዝጸንሐ ስርዓት'ዩ። ነዚ ውሳኔ'ዚ ምትግባር ማለት ኣብዚ ዞባ'ዚ ምርግጋእ ንምርካብ እምነ-ኩርናዕን ዘተስፉ ጅማሮን'ዩ።

ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ፡ ኣውራ ንባይቶ ጸጥታ፡ ንማሕበረሰብ ዓለም ድማ ብሓፈሻ ኣብ ዘመጉሰሉ ዘሎ ወቕቲ፡ ኣብ ኣተገባብራ ውሳኔ፡ ጽልዋኡ ንህዝብና ዘይልክምን ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት ጥራይ ዝድረትን ጥንቃቐ ዝመልኦ ክኸውን የማሕጽን።

ከምኡ'ውን ንኩሎም ኤርትራውያንን ፖለቲካዊ ሓይልታቶምን፡ ምእንቲ ህዝብና ኣብ መጻኢ  ከቢድ ዋጋ ከይከፍል ዝገትእ በዓል ቤታዊ ቅድመ-ኩነታት ንምምላእን፡ ኣብ ዝሰማምዕሉ ንጹር ራእይ መሰረት ብምግባር ኩሉ ጻዕርታቶምን ዓቕምታቶምን ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምቕናዕን፡ ህልዊ ኩነታትን ኣብ መጻኢ ከስዕቦ ዝኽእል ምናልባታትን ንምጽናዕ ይጽውዕ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ውሽጢ 18 ዓመታት ድሕሪ ናጽነት ክንጽበዮ ዝጸናሕና፡ ካብ'ዚ ሕጂ ተረኺቡ ዘሎ ጥጡሕ ዞባውን ዓለማውን ኩነታት ብንቕሓት ንምጥቃም፡ ሕሉፍ ውድባዊ ጸጊዕነታት ብዘየገድስ፡ ናብ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝብና መልእኽትና ነማሓላልፍ። ምቹእ ታሪኻዊ ኩነታት ስለ ዘይድገም፡ ካብኡ ጠቓሚ ትምህርቲ ዝርከብ ኣብ ኣድላዪ ግዜ ክትጥቀመሉ እንኮለኻ'ዩ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ምቹእ ኩነታት ካብ ኢዶም ዘምልጦም ፖለቲካዊ ሓይልታት፡ መጻኢ ዕድሎም ንፍሽለት ዝተሳጠሐ እዩ ዝኸውን'ሞ፡ ካብ ተሞኩሮታት ንመሃር።

ዓወት ንደሞክራስያዊ ቃልስና፡
ፈጻሚ ኣካል
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
28 ታሕሳስ 2009

## ሓባራዊ ወተሃደራዊ ስርሒት
## ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዕላምኡ ሃሪሙ'ዩ፡

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ኣብ በበይኑ ግዜታት ካብ 2007 ክሳብ 2009 ብተናጸልን ብሓባርን ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ስለያ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝተመርጸን ዝተጸንዐን ከባብታት መጥቃዕቲ ክፍጽሙ ጸኒሖም'ዮም። ኣብ ዓውደ ውግእ ኣብ ኢድ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ዝወደቑ (ዝተማረኹ) ግቡእ ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ብምግባር ድልየቶም ብምኽባር ሓራ ክኾኑ ናጻ ክለቅዎም'ውን ጸኒሖም'ዮ። እዚ ዕላማኡ ዝተነጸረን ዝተመርጸን ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ብዘይ ኣጋንኖ ኣብ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ደገፍን ምትሕብባርን ይረክብ ከም ዝነበረ ዝስወር ኣይኮነን። እዚ ከኣ ካብ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ዝተኸወለ ከም ዘይምኻኑ እቶም መስዋእቲ ዝኸፍሉን ንምኽፋል ቅሩብነት ዘሎዎምን ፖለቲካዊ ሃገራዊ ሓይልታት ዝፈልጥዎ ጭቡጥ ሓቅታት'ዩ።

ዲክታቶር ኢሳያስ፡ ብዛዕባ'ቶም ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ስለያዩ ክወርዱ ዝጸንሑ ወተሃደራዊ መጥቃዕትታትን ዘስዕቡሉ ክሳራታትን ብሚድያ ከጋውሖስ ይትረፍ፡ ኣብ ቃለ-መሕተታቱ'ኳ ክጠቕሶ ኣይጸነሐን። እዚ ማለት ግን፡ ብጩቕ ኢሉ ይዛረበሉ ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2009 ላዕለዎትን ማእከሎትን ሓለፍቲ ስለያ ኣብ ዓዲ ቀይሕ፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ደቡብን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን( ኣውራጃታት ኣከለ ጉዛይን ሰራየን ደቡብ ደንካልያን)፡ ዞባታት ጋሽ-ባርካን( ኣውራጃታት ባርካን ጋሽን)፡ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ምህላዉ ገምጊሞም። ኣብ ገምጋሞም ቃል ንቃሉ "<u>ምንቅስቓሳት ሃሱሳት (ተቓውሞ ሓይልታት ማለቶም'ዩ) ይሰፍሕ ኣሎ። ኣብ ሰራዊት ደቀቕቲ ዋህዮታት (መርበባት ማለቶም'ዩ) ሰሪዖም ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። ኣብ ህዝቢ ድሑር ኣገባብ እናተጠቐሙ ዝወደብዎም ኣይሰኣኑን'ዮም</u>" ኢሎም ደምዲሞም'ዮም። መስመር ናትና'ዩ። በዚ መሰረት ኣብ ሓይልታት ስለያ ሓድሽ ዳግመ ውደባ ኣካይዶም። ናብ ሰራዊትን ህዝብን ኣብ ዓውደ ጥምጥም ዝርከቡ ተቓወምቲ ፖለቲካ ውድባትን ዘቕነዐ ነንበይኑ ዝተሳእለ ውጥን ሰፊሕ ሰላሕታ ቅንጸላ ሰሪዖም። ብመሰረት ቀጥታዊ መምርሒ ኢሳያስ፡ ነዚ መድብ'ዚ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዲክታቶር ኢሳያስ ሓላፊ ሃገራዊ ድሕንነት ክከታተሎ ከም ዘሎዎ ተገብረ። ናይ'ዚ ትርጉም ድማ ኣብ ሜዳ ናይ ዝንቀሳቐሱ ውድባት ፋይል ኢሳያስ ባዕሉ ክሕዞ ምግባር ብዝለዓለ ደረጃ ኣሻቒልዎ ኣሎ ማለት'ዩ። ኣብዚ ወፈራ ቅንጸላ'ዚ ንላዕለዎት ወተሃደራዊ መራሕትን ካድራትን ውድባት ምጭዋይ ወይ ምቕንጻል ዘጠቓልል መምርሒ ይርከብዎ። ሓይልታት ስለያ ስርዓት ኢሳያስ ከም ብሓድሽ ድሕሪ ምውዳቡ ኣብ በበይኖም መዳያት ዕማሞም ንምፍጻም ኣዝዩ ጽዑቕ ምንቅስቓሳት ከካይዱ ጸኒሖምን ኣለውን።

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ቀቅድሚ ዕዉት ቀዳማይ ጉባኤኡ ምክያዱ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ክሊ መሪሕነቱ ክረአ ዝጸነሐ ብዝተፈላለዩ ሽርሒታት ተወፋይነት ዘጉድም ፕሮፓጋንዳ ብምንዛሕ፡ ንምድኻም ግሃድኤ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ንምፍራስ ዕጡቕ ኣሃዱታቱ ዝዓለመ ኣዕናዊ ወስታታት፡ ብሳላ ጽኑዕን ስሙርን መኸተ ሰፊሕ ሓፋሽ መሰረታት ሙሉእ ብሙሉእ ሰጊሩ።

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ዑምቀት ተቓውሞ ሓይልታት ስለ ዝርከብ፡ ብድሕሪ ዕዉት ቀዳማይ ጉባኤኡ ኣብ ኩሉ ውዳቤታቱ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ሓድሽ ዳግመ ስርርዓት ኣካይዱ። ኣብ ኩለ-ዓውድታት ቃልሲ፡ ቀዳምነታት መድረኻዊ መደባትን ኣገባብ ኣፈጻጽማኦምን ኣነጺሩ፡ ንምትግባሩ ተዋፊሩ ይርከብ።

ከምኡ'ውን ነቲ ምስ ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ዝጀመሮ ክልተኣዊ ዝምድና ዘዕዝዝን ሓባራዊ ስርሒት ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክብ ዝብልን ውጥናት ስኢሉ ተበጊሱ።

ላዕለዎት ወተሃደራዊ ኣካላት ክልቲኡ ውድባትና፡ ባሕቲ ጥሪ 2010 ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ዘንጸራሩ መጥቃዕቲ ንምፍጻም፡ ካብ ኣጋ መወዳእታ ታሕሳስ 2009 ሓባራዊ ኣሃዱታት ንምቕራብ ኣድላዪ ምድላዋት ከካይዱ ጸኒሖም። ብመሰረት ርጡብ መጽናዕቲ ዕላማታቱ ብምንጻር ሓባራዊ ኣሃዱታት፡ ኣብ መስርዕ ቅድመ ግንባር ብክልተ ክንፍታት ዓሪደን። ብካልእ ሸነኽ ድማ ኣብ ግንባር ሰንዓፈ፡ ኮረኔል ሸገግ (ብሳጓኡ'ዩ ዝጽዋዕ) ዕለት 28 ታሕሳስ 2009 ኣብ ጽርግያ ሰርሓ ጎፈ-ጎፍ ንዝረኸቦም ክልተ ኣባላት ግዱድ ሃገራዊ ኣገልግሎት "ናብ ኢትዮጵያ ክትሰግሩ ስለ ዝሓሰብኩም ኢኹም በዚ ትመጹ ዘሎኹም" ኢሉ ኣብቲ ዝተራኸብሉ ጽርጊያ ብቕጽበት ረሸንዎም። ካልኣት ዝስዕብዎም መታን ክማሃሩ ከይትቀብርዎም ኢሉ ህዝቢ ከይቀብርዎም ትእዛዝ ሂቡ። ህዝቢ ድማ በጃኻ ክንቀብሮም፡ ዘይትፈቕደልና እንተኾይንካ ከኣ ክፉእ ኣይተርእየና፡ እንተደሊኻ ሬስኦም ናብ መዓስከር ሰራዊት ውሰዶ፡ ካብ ቅድሚ ዓይንና ኣርሕቐልና፡ ዝብል ልመና ኣቕሪበምሉ። ፈሪሃ ፈጣሪ

ዘይብሉ ኮረኔል ሸገግ ኣብይዎም። ሬሳታት ንጹሃት መንእሰያት ንክልተ መዓልቲ ማለት 28-29 ታሕሳስ 2009 ኣብ ጽርግያ ተሰጢሖም። ንቡር ቀብሪ ስኢኖም። ብድሕሪኡ ኣባላት ስለያ መኪና ሒዞም መጺኦም፡ ሕጂ ዶ ይሓሽ ኣብ ሓመድ ምትሕውዋስ ኢሎም እናባጨዉ፡ ነቶም ሬሳታት ናብ ዘይተፈልጠ ቦታ ወሲደሞም።

## ፍጻሜታት ባሕቲ ጥሪ 2010፡

ኣብ ግንባራት ጾሮናን ሰንዓፈን ብክልቲኡ ክንፍታት ዝዓረዳ ሓባራዊ ኣሃዱታት ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን፡ ኣብ ልዕሊ ክፍለ ሰራዊት 39 መዓስከር ስለያን፡ ናይ ክፍለ ሰራዊት 13 መዓስከር ስለያን በርቃዊ ዝተወሃሃደ መጥቃዕቲ ኣካይደን። እቲ ውግእ ኣብ ክልቲኡ ክንፍታት ካብ ሰዓት ኣርባዕተ ወጋሕታ ክሳብ ረፋድ ባሕቲ ጥሪ 2010 ቀጺሉ። ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ሰፍ ዘይብል ፖለቲካውን ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት ወሪዱ። ኣብ ግንባር ጾሮና (ክፍለ ሰራዊት 39) ክንፊ መስሓል ኣኽራን፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዝወረደ ክሳራታት ዝስዕብ'ዩ፦

- 12 ኣባላት ስለያ ሞይቶም።
- 18 ኣባላት ስለያ ተወጊኦም።
- ዝተሰለቡ ንብረት ድማ 6 ክላሽን ኮቭ፡ 3 ቅምቡላታት ኢድ፡ 6 ወተሃደራዊ ሻንጣ፡ 11 ዝተፈላለዩ ወተሃደራዊ ኣቑሑት።

  ካብ ሓባራዊ ኣሃዱታት ኣርባዕተ ተሰዊኦም። ሓደ ድማ ተወጊኡ ተማሪኹ።

ኣብ ግንባር ሰንዓፈ መዓስከር ስለያ ክፍለ ሰራዊት 13፡ ምሉእ ብምሉእ ተደምሲሱ። ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዝወረደ ክሳራታት ዝስዕብ'ዩ፦

- 13 ኣባላት ስለያ ሞይቶም።
- 27 ኣባላት ስለያ ቆሲሎም።
- ዝተሰለቡ ንብረት ድማ 5 ካላሽን ኮቭ፡ 2 ክሻፋ፡ 4 ቅምቡላታት ኢድ፡ 3 ሬድዮ፡ 2 ወተሃደራዊ ሻንጣ፡ ሓደ ካርቶን መሳርሒ ሕክምናን መድሓኒትን፡ 4 ኳዳ (ብራሾታት)፡ ዝተፈላለዩ ወተሃደራዊ መሳርሕታትን።

  ካብ ሓባራዊ ኣሃዱታት ሰለስተ ተሰዊኦም። ሓደ ድማ ተወጊኡ ተማሪኹ።

ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዝወረደ ጠቕላላ ሰብኣዊ ክሳራታት 25 ምውታትን 38 ውጉኣትን'ዮም።

ሓባራዊ ኣሃዱታትና ዝኸፈልዎ ጠቕላላ መስዋእቲ ድማ 7 ስውኣትን 2 ምሩኻትን'ዮም።

ሓባራዊ ኣሃዱታትና ጸረ ሓይልታት ስለያ ጸላኢ መዳርግቲ ዘይነበሮ ህዝባዊ ሓርበኝነት ብዝመልኦ ጅግንነትን ጽንዓትን ተዋጊአን። ዝተወሃሃደ ወተሃደራዊ ጥበብ ኣመዝጊበን። ናይ ጸላኢ ሓይልታት ስለያ መኣዝነን ብምጥፋእ ዛሕ-ዛሕ ኢለን። እዚ ውግእ ባሕቲ ጥሪ 2010 ሓይልታት ስለያ ጸላኢ ብውሽጡ ዝቖንቆነን፡ ፈርከሽከሸ ዝበለን ምዃኑ ዘረጋገጸ'ዩ።

## ስርዓት ኢሳያስ ንፍጻሜ ባሕቲ ጥሪ 2010 ብከምይ ክገልጾ ፈቲኑ?

ስርዓት ኢሳያስ ነቲ ኣብ ሞንጎ ሓባራዊ ኣሃዱታት ክልቲኡ ውድባትናን ሓይልታት ስለያ ጸላእን ዝተኻየደ ውግእ ከም ልማዱ ክሽፍኖን፡ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ስለያ ውሽጣ-ውሽጢ ብሰላሕታ ክዛረበሉን ኣይከኣለን። ናይቲ ተረኽቦ ጅግንነት ሓባራዊ ኣሃዱታትና ብውሽጡ ደፊኡ ብኣፍንጫኡ ከይፈተው ክዛረበሉ ኣገዲድዎ'ዩ። ውሽጣዊ ቅልውላዉ ንምሽፋን ግን ኣብ ኣገባብ ኣገላልጻኡ ትሕዝቶኡ ንምብካል መኣዝኑ ክጥምዝዞ ፈቲኑ። ኮንቱ ፈተነ። ናይ ህዝቢ ኤርትራ ትኹረት ናብ ግዳም ንምልዋጥ ዓሊሙ ኣብ ዕለት ወጋሕታ 1 ጥሪ 2010 ብግንባር ጾሮና ወያነ (መንግስቲ ኢትዮጵያ ማለቱ'ዩ) ውግእ ከምዝኸፈተሉ ገሊጹ። እዚ ሓድሽ ልምዲ ኣይኮነን። ካብ 1993 ክሳብ 1997 ጅሃድ፡ ንኣባላት ኣገልግሎት ፈልዮም ብምግዳፍ (ካብ ሰራዊት ዝተፈልየ ኣልባሳት ስለ ዝነበሮም) ኣብ ልዕሊ ሰራዊት እቲ ስርዓት የነጻጽርሉ ንዝነበረ ውግእ፡ ጥሩፋት ኣዕራብ'ዮም ዝዋግኡና ዘሎዉ ክብል፡ ንዘይተዋግእዎ ኣዕራብ ይኸስስ ምንባሩ ይዝከር'ዩ። ኣባላት ኣገልግሎትን ህዝብን ሰራዊትን ነቲ ናይ ስርዓት ህግደፍ ጠቐነ ኣይኣምንዎን ኔሮም። ጠቐነ ምዃኑ ይፈልጡ ኔሮም። ኣባላት ኣገልግሎት ዕላማ ናይ ጅሃድ ይኹኑ ከምዘየለዉ ምስ ፈለጠ ድማ ናብ ሰራዊት ሓዊስዎም። ኣባላት ኣገልግሎት ነቲ ንዕኦም ኣብ ሰራዊት ዘጸንበሮም መደብ "ኣማውቱና" ከም ዝበልዎ ዝዝከር'ዩ። ዲክታቶር ኢሳያስ ናይ ህዝብና ተቓውሞ ንምብርዓን ኣብ 1998 ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ባዕሉ ዝጀመሮ ኣዕናዊ ኵናት፡ ኢትዮጵያ እያ ጀሚራቶ ኢሉ ንኢትዮጵያ

ከሲሱ። ኣብ መወዳእታ ግን፡ ካብቶም ኣካላት'ቲ ስርዓት ዝነበሩ፡ ኲናት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኢሳያስ ከም ዝጀመሮ ኣረጋጊጾምን ሕቶ ተሓታትነት ኣልዒሎምን'ዮም። ከምኡ'ውን ኣብ ኲናት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣመሪካ ዘራይ ኮይና ብምባል ምስ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ብምትሕብባር ሰላማዊ መንገዲ ተናዲ ንዝነበረት ኣመሪካ ይኸስስ ኔሩ። "ካብ ባድመ ወጻእና ማለት ጸሓይ ዓሪባ ኣይትበርቕን ማለት'ዩ፡ ድምጺ ወያነ ድምጺ ባዶ ገረወይና'ዩ" እናበለ ናይ ሩዋንዳ-ኣመሪካን፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን እማመታት ሰላማዊ ፍታሕ ይነጽግ ከም ዝነበረ ተቓሊዑ'ዩ። ምንቅስቓስ ንምእራም ጉጅለ 15ን ብሕታዊ ጋዜጠኛታትን ሃገራዊ ክድዓት ፈጺሞም'ዮም ኢሉ ምስ ወያነ ብምትሕብባር ብዝብል ከሲስዎም። ከይዱ-ከይዱ ግን፡ ሓሶት ምዃኑ ተፈዲሑ'ዩ።

ሕጂ ከኣ ምስ ሓይልታት ስለያ ስርዓት ህግደፍ ጥምጥም ዘካየዱ፡ ጀጋኑ ኤርትራውያን ተጋደልቲ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ዲሞክራሲያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን እንከለዉ፡ ዲክታቶር ኢሰያስ "ብግንባር ክንፌ ጾሮናን ዛላንበሳን ወያነ ውግእ ከፊትልና" ብምባል ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ከይሓነኽ ከሲሱ። ዕላማ ናይ'ዚ ክሲ'ዚ ኤርትራውያን ካብ ስርዓት ኢሳያስ ሂወቶም ንምድሓን ናብ ኢትዮጵያ ከይስደዱ ንምፍርራሕ ጥራሕ'ዩ። ኢትዮጵያ ከም ጸላኢት ህዝቢ ኤርትራ ክስእሎም ደልዩ እዩ። እዚ ሓሶት'ዚ ካብቲ ዝተጋወሓሉ ህሞት ሓሊፉ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ዘእምን ጭብጥታት የብሉን። ከም ዛዕዛዓ ቀውዒ ሃፊፉ ዝተርፍ'ዩ። ሎሚ ኢትዮጵያ መዕቀቢ ውጹዓት ኤርትራውያን ኮይና ምህላዋ ዝበዝሐ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ካብ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሕታት ዝርከቡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍ ከይተረፉ'ዮም ባዕላቶም ንደቆምን ቤተ ሰቦምን ናብ ኢትዮጵያ ክሰግሩ ክመኽሩን ክተሓባበሩን ዝረኣዩ ዘለዉ። እዚ ናይ ኢሳያስ ንሽግርካ ናብ ደጋዊ ሓይሊ ምልጋብ (ምሃብ) ብመሰረቱ ካብ ናይ ውሽጡ ሽግር ንምሽፋን (ንምሕባእ) ዝብገስ'ዩ። ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ንስርዓተይ ዝቃወምዎ ኤርትራዊ ሓይልታት ኣሎዉኒ ኢሉ እንተዝኣምን ኔሩ፡ ናይ ውሽጣዊ ሽግር መዘዝ ናብ ኣዕራብ፡ ወይ ናብ ኢትዮጵያ፡ ወይ'ውን ናብ ኣመሪካ ኣይመላገቦን ኔሩ። መግዛእታዊ ስርዓታት ኢትዮጵያ ይሕስዉ ምንባሮም ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን እናፈለጥዎም እንከለዉ፡ ንመግዛእታዊ ረብሓታቶም ክብሉ ጥራይ፡ "ምስ ኤርትራውያን ተቓወምቲ ንዋጋእ ኣለና ከይበሉ፡ ሓንሳእ ምስ ኣዕራብን ኣስላምን፡ ካልእ ሻዕ ምስ ሸፉቱ ኢና ንዋጋኣ ዘለና" እናበሉ ክሳብ ውድቀቶም ከይዶም። ኢሳያስ ድማ ከም ወራስን ተቐባሊ ሕድርን ኮይኑ፡ ስልቲ ቀዳሞት ገዛእቲ ንሳቶም ዝብልዎ ዝነበሩ'ዩ ዝደግም ዘሎ። ሓድሽ ጥበብ ኣየምጸአን። መልክዕ ውድቀቱ ብዘየገድስ ይሕጸር-ይንዋሕ ከምቶም ቀዳሞት ክወድቕ'ዩ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣልጊስካ፡ ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካእ ኣብ ኤርትራ ናይ ሰላምን ደሞክራስን ባይታ ንምስፋን፡ ምስ ኩሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ክዛተን ሰላማዊ ስግግር መስርሕ ክቕበልን ቅርብነቱ ክሳብ ዘየርኣየ፡ እዚ ናይ ሎሚ ቁልዒ ነቲ ኣብ ውሽጡ ተደጒሉ ዘሎ ህዝባዊ ጓህሪ ፈኺም እናበለ ናብ ሓያል ሃልሃልታ ባርዕ ከማዕብሎ ምዃኑ ዘይተርፍ ሓቂ'ዩ።

### ሓጺር መብርሂ ብዛዕባ
### ኣብ ባሕቲ ጥሪ 2010 ዝተኻየደ
### በርቃዊ መጥቃዕቲ፡

ናይ ንጉሆ ዕለት 1 ጥሪ 2010 ሓባራዊ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ዲሞክራሲያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን፡ ኣብ ልዕሊ ንህዝብና ከበሳብስ ዝጸንሐ ናይ ሰልያ ኣሃዱታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ በርቃዊ መጥቃዕቲ ከም ዘካየዱ ብወግዒ ተገሊጹ'ዩ። ድሒሩ'ዉን ውጽኢት ናይቲ መጥቃዕቲ ብዝርዝር ከም እተዘርግሐ ዝዝከር'ዩ።
እዚ መጥቃዕቲ'ዚ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ናይ እገዳ ዉሳኔ ድሕሪ ምውሳዱ ስለ ዝመጸ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ከምቲ ናይ ኩሉ ግዜ ከም ኣመሉ ፈጠራኡ ንምርጓድ ብዝዓለመ "ወያነ ወሪሮምና፡ ምስቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ንኤርትራ ተሓሲቡ ንዘሎ ውዲት መቕድሙ ኮይኑ ምስኡ ምትእስሳር ዘለዎ ከይከውን" ክብል ኢሳያስ ኣብቲ ብዕለት 2 ጥሪ 2010 ኣብ ህገበሮ ቃለ መሕትት ብልሳኑ ከቃልሖ ሰሚዕና።

ዕላማ ናይዚ ሓሶት'ዚ ዝኣመቶ ሽቶ ፍሉጥ ብምዃኑ ሰፊሕ መብርህታት ክንህበሉ ብዙሕ እንግደደሉ ጉዳይ ኣይኮነን። የግዳስ ሓደ ሕቶ ንክነልዕል ንግደድ፡ ንሱ ድማ ተታሒዞም ዘለዉ ክልተ ብጾትና ኣብ ቃልዕ ኣውጺኡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራን ሻርነት ዘይብሎም ዜናዊ ማዕከናትን ናጻ ኮይኖም መንነቶም ንክብርሁ ኣብ ቅድሚ ዓለም ከቕርቦም ትብዓት ኣሎዎ ዶ? ንሕና ብወገንና ስእሎም ከነቕርብ ድሉዋት ኢና። ብሓፈሻ እቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ባይታ ንዘሎ ሓቅታት ብምርጋጽ ብቐጻሊ ዘዘውትሮ ልሙድ ሸፈጣቱ ንጎድኒ ገዲፍና፡ ድሕነት ሂወት ናይቶም ተኣሲሮም ዘለው ተጋደልቲ ሓላፍነቶም ነሰክሞ። ከምቲ ኣብ ሕሉፍ መድረኽ

ምስ ኣሃዱታቱ ኣብ ዘካየድናዮ ግጥሚያታት ዝሓዝናዮም ብሰብኣውን ምዕቡል ኣተሓሕዛን ዝሓዝናዮም ንሱ'ውን በቲ መልክዕ ንክሕዞም ሓላፍነት ደጊምና ነሰክሞ። ኩሎም ብዓለም ለኸ ደረጃ ብሰብኣዊ መሰላት ዝግደሱ ማሕበራት ከኣ ኣብ ምድሓኖም እጃሞም ንከልዕሉ ንጽውዕ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከይጠቐስናዮ ክንሓልፍ ዘይግባእ፡ ኣብ ከምዚ ተረኽቦታት እቲ ስርዓት ዝኽተሎ ስልትታት ምስናይ ጋሃድነቱ፡ እቲ ዘገርም ግለ ኣብ ናይ ተቓውሞ ደምበ ዝቑጸሩ መርበብ ሓበሬታ ነቲ ተባዓት ጀጋኑ ተቓለስትና ዝወርወሩዎ መጥቃዕትታት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ብዘገልግል መልክዕ ትሕዝቶ ኣዋጅ ናይቲ መጥቃዕቲ ከደብዝዝዎ ምፍታኖም ኢዩ። ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጠባያት ንጥቕሚ ተቓውሞ እንተተቘጠብሉ ዝሓሸ ኣማራጺ ኢዩ። እንተዘየሎ፡ ዝምድናታትና ብኣሉታ ክጸልዎ ካብ ምኽን ሓሊፉ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምቛም ንዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ዘዳኽምን ዘባኽንን ካብ ምኻን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ኣይህልዎን።

## እገዳ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ
## ብራኽ ቃልስና ዘንጸባርቕ'ዩ፡

ስርዓት ህግደፍ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዞባዊ ሰላም ዝዘርግ ባእታ ዕግርግር ብምኻኑ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብዕለት 23 ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ሰበ-ስልጣናት ህግደፍን መንግስቱን ከም ኣህጉራዊ መቕጻዕቲ ናይ መገሻን፡ ሽመታ ብረትን፡ ምምሕልላፍ ገንዘብን፡ ዝዓግት ውሳኔ ቁጽሪ 1907 እገዳ ከም ዝወሰነ ዝዝከር'ዩ። ሰፊሕ ክፍልታት ሓፋሽ ህዝብናን ተቓለስቲ ፖለቲካውን ሲቪላውን ሃገራዊ ሓይልታ ደቁን፡ ንውሳኔ ባይቶ ጸጥታ ኣብ እዋኑ ደጊፎምዎ'ዮም። ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ዓወት ደሞክራስያዊ ቃልስና ንምቅልጣፍ ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ጸቕጥታት ዘዛይድ፡ ህዝብናን ሃገራዊ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራን ካብኡ ዝደልይዎ ዝነበሩ ግደኡ ከም ዘበርከተን፡ ጸረ ዲክታቶርያዊ መርሓ ዘቕነዐ ፍትሓዊ ቃልስና ንቕድሚት ይደፍእ ምህላዉ ዘንጸባርቕ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ስጉምቲ ምኻኑን ገሊጸምዎ'ዮም።

በዚ ውሳኔ'ዚ (እገዳ) ረብሓታቶም ዝጉዳእ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ከም መራሒ ህግደፍን ዲክታቶርያዊ ስርዓትን፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣናት ህግደፍን፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ህግደፍን፡ ጀነራላትን (ሓለፍቲ ዞባዊ ስርሒታት)፡ ኮረኔላትን፡ ኮረኔላት ስለያታትን፡ ኣማሓደርቲ ዞባታትን'ዮም። እዞም ህግደፋውያን መንግስታውን ወተሃደራውን ስለያውን ኣማሓደርቲ ዞባታትን'ዚኣቶም፡ ንህዝቢ ምስኣቶም ንክልክምዎ ሕግብግብ ክብሉ ንርእዮም ኣሎና። ብባህሪኦም ክሳብ ሒቕታ ትንፋሶም ትወጽእ ንህዝቢ ምስኣቶም ንምልካም ካብ ምሕሳብ ዓዲ ኣይክውዕሉን'ዮም። ዲክታቶር ኢሳያስ ንብዓት ሓርገጽ እናነብዐ ንሚኒስተራቱን፡ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ህግደፍን፡ ሓለፍቲ ዞባዊ ስርሒትን፡ ኣማሓደርቲ ዞባታትን፡ ነቲ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊኦም ዘንበሮ እገዳ ከሕድረሎም ዝኽእል ጽልዋ ንምግታእ ዝዓለመ ብሓደ ኢና ንጠፍእ ዝብል "ጥሙር መኸት'' ኢሉ ዝሰመዮ ውጥን ጥሙር ሞት ኣቕሪብሎም። ኣብ ህዝብና ተቐባልነት ንምርካብ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ጎስጓስ ንምክያድ መዲብዎም። እቶም ዝመደቦም ኣካላት ህግደፍን መንግስትን ናይ ዝጸልኦም ህዝብና ጓህሪ ገጽ እናኣንደዶም ዕማሞም ንምፍጻም ተበጊሶም ኣለዉ። በዚ መሰረት ዘምህረት ዮሃንስ፡ የማነ ገብረኣብ፡ ዓብደላ ጃብርን፡ ገብርሂወት ኪሻን ኣብ በበይኑ ከባብታት ብጓህሪ ዓይኒ ሰፊሕ ሓፋሽ እናተለብለቡ ዘይዕዉት ኣኼባታት ህዝቢ ኣካይዶም። ኣብ ዘካየድዎ ኣኼባታት ብተደጋጋሚ ክልተ ነጥብታት ጠቒሶም። ንሳተን ድማ ነዚ እገዳ'ዚ ምስ ናይ ሓምሳታት ዝሓለፈ ክፍለ ዘበን ግጉይ መርገጺ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከተኣሳስርዎ ብምፍታን ብሰንከኡ ህዝቢ ኤርትራ ክኸፍሎ ዝተገደዶ ረዚን መስዋእቲ ምዝኽካርን፡ ዘይእዉጅ እገዳ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ህግደፍ ካብ ዝጸንዕ ነዊሕ ግዜ ከም ዝገበረን'የን።

ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ካብዚ ኢሳያስ ነዲፍዎ ዘሎ ተለኻኺምካ ምፍራስ ዝዕላማኡ "ጥሙር መኸተ'' ህዝብና ንምድሓን ከም ቀደምና ኣበርቲዕና ክንቃለስ ይግባኣና። ህዝብና ብዝኾነ ይኹን ምኽንያታት ምስ'ቲ ናይ ስርዓት ህግደፍ ማእለያ ዘይብሉ ገበናት ከይለሳለስ ከይተሓለልና ምግዳል ይግባኣና። ነቲ ከም መለዓዓሊ ህዝቢ ዝጥቀመሉ ቴማ ጎስጓስ ነፊና-ነፊና ኣብ ሞንጎ ታሪኻዊ ሓቅታት ኮነ ኢሉ ንዘደባልቖም ሓሶትን፡ ናይ ፖለቲካዊ ታሪኻዊ መድረኻት ምንጽጻርን ብምምማይ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝብናን ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ብዝያድ ምቅላዑ'ዩ። ካብዚ ብምብጋስ'ምባኣር፡ ኣብ ሓምሳታት ዝሓለፈ ዘበን ኣብ ጉዳይ ርትዓዊ መሰል ናጻ ሃገር ህዝቢ ኤርትራ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መርገጺ ናብ ኢትዮጵያ ዘሻረወን ጸረ-መሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራን ምንባሩ ንኤርትራውያ ዝፈላሊ ነገር ኣይኮነን። እቲ ናይ ቀደም መርገጺ ኣመሪካን ናይ ሕጂ ባይቶ ጸጥታ ዝወሰኖ እገዳን ብፖለቲካዊ መድረኻት በበይኖም'ዮም። ኣብ ሞንጎኦም ዘመሳስል ነገር የሎን። ምኽንያቱ እቲ ናይ ቀደም ንሕና ኤርትራውያን እንነቕፎ መርገጺ ኣመሪካ፡ ጉዳይ ኤርትራ ውዱእ መዕለቢ ኣብ ዘይተገብረሉን፡ ኣብ ካልኣይ

ዅናት ዓለም ናይ ዝተዓወታ ሓያላት ሃገራት ኢድ ዝወደቐሉን፡ ኤርትራ ናጻን ልዑላዊትን ሃገር ኣብ ዘይኮነትሉን ዝመጸ ግጉይ መርገጺ'ዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ግን፡ ኩነታት ናይ ኤርትራ ከምቲ ናይ ዝሓለፈ ዘበን ሓምሳታት ዘይኮነስ፡ ኤርትራ ናጻን ልዑላዊትን ሃገር ኮይና፡ ብኣህጉራዊ ሕጊ መሰረት ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዝረኸበትን፡ ኣካል ስድራቤት ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ዝኾነትን'ያ። ስለዚ እዚ ናይ ሕጂ እገዳ ንናጽነትን ልዑላውነትን ኤርትራ ኣይትንክፍን። ንኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያዊ ሓድሽ ባዕዳዊ መግዛእቲ ወይ ኣብ ዝኾነት ካልእ ሃገር ባዕዳዊ መግዛእቲ ምቕራን ዘይዓለመን፡ ኣብ ልዕሊ ናይ ህግደፍን መንግስቲ ህግደፍን ሃለልቲ ሰበ ስልጣናት ጥራይ ፈልዩ ዘነጻጸረን ፍትሓዊ መቕጻዕቲ'ዩ። ስለዚ ኣብ ሞንጎ ናይ ቀደም መርገጺ ኣመሪካን ናይ ሕጂ እገዳን ዘመሳስልን ዘተኣሳስርን ነገር የሎን። እንተ'ቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ "ዘይተኣወጀ እገዳ ካብ ዝጸንዕ ነዊሕ ጌሩ" ንዝበልዎ ግን፡ ኣማን ብኣምን ሓቃቶም'ዮም። ከምኡ ስለዝኾነ'ኳዩ፡ ስርዓት ኢሳያስ ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ዝተነጸለን ንምስሊ ሃገርና ዝዓየነን ክንብሎ ዝጸናሕና።

ስርዓት ኢሳያስ ብመሰረት ጨካን ኣዋጅ 20 ሰነ 1991 ናይ ህዝብን ፖለቲካውን ሲቪላውን ሃገራዊ ሓይልታትን ኤርትራ ሰብኣውን ፖለቲካውን መሰላትን፡ ሲቪላዊ ሓርነታትን ዝገፈፈ'ዩ። እሞ ህዝብን ፖለቲካውን ሲቪላውን ሓይልታትን ኤርትራ፡ ካብ ኣህጉራዊ ሕጊ ዘስፈሮም መሰላት ደቂ ሰባት ምጥቃም ዝኽልክል እገዳ ኣብ ልዕሊ ዝገበረ ስርዓት ኢሳያስ፡ ባይቶ ጸጥታ እገዳ ክገብረሉ እንከሎ ዝድገፍ'ዩ።

በዚ ኣጋጣሚ ካብ ገበናት ስርዓት ኢሳያስ ገለ ምጥቃስ ኣድላዪ እመስለና። ኣብ 1991 ንምንቅስቓሳት ክፍሊ ወተሃደራዊ ታዕሊም ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብሓይሊ ቀንጺሉ። ኣብ 1992 ልዑላውነት ህዝብን ሃገርን ሱዳን ብምድፍርን ብምጥሓስን ኣብ ከተማ ከሰላ ኣብ ልዕሊ ተቓወምቲ ናይ ጭውያ መደባት ፈጺሙ። ካብ 1992 ክሳብ ሎሚ ንብዙሓት ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብውሳይ ቀቲልዎም። ኣብ 1993 ናይ ተጋደልቲ ኣድማ ምስምስ ብምግባር ኣብ ልዕሊ ሓያሎይ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ጨካን ቀንጻሊ ስጉምቲ ወሲዱ። ኣብ 1994 ናይ ሓካይም ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣድማ ብሓይሊ ጨፍሊቕዎ። ኣብ 1995 ኣብ ማይሓባር ኣብ ልዕሊ ውጉኣት ሓርነት ዘስካሕክሕ ኣረሜናዊ ጭፍጨፋ ፈጺሙ። ካብ 1994 ክሳብ 1997 ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ሰውራዊት ሽማግለን ከም ግምታቶም ኣብ ምህናጽ ሃገር ንምስታፍ ናብ ሃገሮም ካብ ዝተመልሱ ንመብዛሕትኦም ሰዊርዎም። ኣብ 1995 ንክቡር ገዲም ተጋዳላይን መስራቲ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን (ሓራካ) መሓመድ ስዒድ ናውድ ኣብ ኣፍዓበት ብጉስጢ ሓንቲ ዓይኑ ኣንቍርዎ። ኣብ 1996 ኣብ ልዕሊ ናብ ዓሰብ ምምዳብ ዝኣበየት ክፍለ ሰራዊት 52 ብጭካነ ቀንጺልዋ። ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታት እስላምን ክርስትያንን ካብ 1994 ክሳብ ሕጂ ኣብ ልዕሊ መራሕትን መማህራንን ኣንሳር-ሱናልመሓመዲያን፡ ጀማዓት ኣደዕዋ-ወተብሊቕን፡ መማህራን ቋንቋ ዓረብን፡ ኣብ ልዕሊ መሰኻኽር ጆሆቫን፡ ጰንጤን፡ ቃለ-ሂወትን፡ ገሊላን፡ ኢቫንጀሊካውያንን፡ ጥምቀታውያንን፡ ናይ ዓመጽን ጭውያን ስጉቲ ክወስድ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ 2001 ንተቓውሞ ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ብሓይሊ ጨፍሊቑ። ከምኡ'ውን ኣብ 2001 ንተቓወምቲ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ህግደፍን መንግስትን፡ ንጋዜጠኛታት ብሕታዊ ጋዜጣታትን ብግፍዒ ኣሲርዎምን፡ ብሕታዊ ጋዜጣታት ኣጊዱን። ኣብ 2003 ንምንቅስቓስ ኣልኣን-ኣልሑሪያ (ሕጂ'ዩ ሓርነት) ብሓይሊ ቀንጺሉ። ኣብ 2003 ዩኒቨርሲቲ ኣስመራን ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ሃገር ዝነበራ መምሃሪ 12 ክፍልታት ምዕጻውን ናይ መላእ ሃገር ተማሃሮ ኣብ ወተሃደራዊ ቤት ትምህርቲ ሳዋ ምድኻንን። ካብ 2005 ክሳብ ሕጂ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ተዋህዶን ከኒሻን ካቶሊክን ጣልቃ ብምእታው እምነታዊ ሓድነቶም ይሃርም ኣሎ። ካብ 1997 ክሳብ 2000 ንመንእሰያት ደቂ ሃገር ኣብ ድሒሩ ባዕሉ (ኢሳያስ) "ትርጉም ኣልቦ" ዝበሎ ዂናት ክነቑቶም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካብ 2000 ክሳብ ሕጂ ብዘይካ ህድማ መወዳእታኡ ኣብ ዘይፍለጥ ግላዊ ዕዮ ጆሆ ሒዝዎም ይርከብ። ኣብ 2004 ኣብ ዓዲ ኣቤቶ ጅምላዊ ቅትለት ምፍጻም።

ስርዓት ኢሳያስ ልዕሊ ክልተ ሲሶ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መስመር ድኽነት ረግሪግዎ ክንሱ፡ ኣብ ኤርትራ ልመና ንምክልኻል ንለመንትን ተኾብትን 500 ናቕፋ ክሽፍሉ ምቕጻዕ። ካብ ቁጽጽር መንግስቲ ናይ ዝሃደሙ ኣባላት ኣገልግሎት ወለዲ 50,000 ናቕፋ ምቕጻዕ። ካልእ ርእይቶ ንዝህልዎም ወለዲ ስለ ዝጨዊ ንዓሰርተታት ኣሻሓት ቆልዑ ምዝኻታም። ኣብ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ንመኣሰር ሃገራዊ ሓድነት ዝሃርም ባህላውን ሓደገኛ ዲሞግራፍያውን ለውጥታት ምፍጣር። ንህዝቢ ካብቲ ቀንዲ መረቤቱ ከባቢኡን ብሓይሊ ምምዝባል። ናይ ህዝቢ መሬት መንዚዑ ንደገፍቱን ካምፓኒታቱን ምዕዳል። ኣብ ውሽጢ ኣባላት ኣስገዳድ ኣገልግሎት መንፈስ ተቓውሞ መንእሰያት ንምህራምን ተምበርካኺ ወሎዶ ንምህናጽን ኣብ ልዕሊ ምእዙዝነት ዘጉድሉ ብማእሰርቲ ሄሊኮፕተር፡ ቁጽሪ ሸሞንተ፡ ኣብ ጸሓይ ኣንቃዕሪርካ ጠጠው ምባል፡ ክርስቶስ (ብመልክዕ መስቀል ምእሳር)፡ ኩርንኩሪት፡ ኣብ ትሕቲ ምድርን ኮንቴነራትን ምድኻን፡ ብዝተፈላለዩ ዓይነት መቕጻዕቲ የሳቕዮም። ከሃድም ሓሲቡ ብዝብል ምስምስ ኣብ ፈቐዶ ቦታታት ይርሽኖም። ማሕበረ ባህላውን ሃይማኖታውን ክብረታት

ብምብዕላግ፡ ንደቂ ኣንስትዮ ናብ ግላዊ ምቾት ምግሳስ ይጥቀመለን። ንህጻናት ተማሃሮ ብዘይ ድልየትን ፍቓድን ወለዲ፡ ናብ ግላዊ ክረምታዊ ማእቶት ብኣስገዳድ የዋፍሮም። ህዝቢ ሓሪሱ ንዘፍረዮ ቁሩብ ቁራቦ እኽሊ፡ ናብ ትካላት ህግደፍ፡ መንግስቲ ብዝተመና ዋጋ እንተዘይኮይኑ ናብ ካልእ ምልዋጥን ምሻጥን ምኽልካል። መብጽሒ ሓረስ ርብዒት ሓርጭ'ኳ ካብ ገዛ ናብ ገዛ ምብጻሕ ምዕጋት። ኣብ ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ ዝነቶገ ህዝባዊ ተቓውሞ ንምጭፍላቕ ሰፊሕ ቀቢጻዊ ተስፉ ሰላሕታ ሾናት ምክያድ። ንህዝቢ ብሓለንጊ ዓጸቦ ንምቕጻዕ ካብ ዓድታት ዋንጋቦ፡ ጋብጋብ፡ ኣዓሊ፡ ደብራ፡ ኣሰድ፡ ዕንደሊ፡ ናባጋደ፡ ሓዳስ፡ ጢሻ፡ ጋርጋፍ፡ ... ወዘተ ናብ ከተማታት ምንቅስቓስን፡ ካብ ከተማታት ናብተን ዝተጠቐሳ ዓድታት ምቅስቓስን ምእጋድ። ኣብ ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ ካብ ደቂ ኣንስትዮ እስላም ባህላዊ ኣልባሳት ሒጃብ ምግፋፍ።

ስርዓት ኢሳያስ ኣህጉራዊ ሕግታት ብምጥሓስ ንሃገራት ሱዳን፡ የመን፡ ጂቡትን፡ ኢትዮጵያን በብተራ ብቐጥታ ተጻብኦ ምፍጣር። ንዓረብ ሊግን፡ ኢ.ጋድን፡ ሕብረት ኣፍሪቃን፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን፡ ባይቶ ጸጥታን "ልሙሳት ውድባት" ብምባል እናሻዕ ከናሽዎምን ከናኣእሶምን ጸኒሑ። ኣብ ኤርትራ ንሓይልታት ዓቃቢ ሰላም ዕማሙ ንከይሰርሕ ክዕንቅፍ ጸኒሑ። ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ኣብ ሶማል ምርግጋእ ንምፍጣር ዘካይዶም ጻዕርታት ንምዕንቃፍ ክሰርሕ ጸኒሑ። በዚ ከኣ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ባእታ ዕግርግር ኮይኑ ይርከብ።

ብኣጠቓላሊ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን፡ ፖለቲካውን ሲቭላውን ሃገራዊ ሓይልታ ኤርትራን፡ ኣብ ልዕሊ ኣስላምን ክርስትያንን ምእመናንን፡ ህጻናትን፡ መንእሰያትን፡ ደቂ ኣንስትዮን፡ ወለድን ክንድዚ ዝኣክል ዝተፈላለየ ዓይነት ገበናት ዝፍጽም ስርዓት ህግደፍ ብህዝቢ ኤርትራን ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብን ክቕጻዕ ይግባእ። ከምኡ'ውን ዘባዊ ሰላም ንምዝራግ ኣብ ልዕሊ ጎረባብቲ ሃገራት ቀጥታዊ ተጻብኦ ዝጽሕትርን፡ ንዞባውን ኣህጉራውን ውድባት ዘናሽውን ቀይዲ ኣልቦ ስርዓት ህግደፍ ብህዝቢ ኤርትራን ብዞባውን ኣህጉራውን ማሕበረ ሰብ ክቕጻዕ ይግባእ። ክቕጻዕ'ምበር ክሽለም ዘይግብኦ ሽበራዊ ስርዓት ከም ምዃኑ መጠን፡ ገበናቱ እናኣቃላዕካ ነታ ኣብ ህዝብና ኸኽወለላ ዝሓሰባ ድርዕቶ ከነስእኖ ይግባኣና። ስለዚ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ሰበስልጣን ህግደፍን ዲክታቶርያዊ ስርዓቱን ብዕለት 23 ታሕሳስ 2009 ዝወሰዶ ውሳኔ ብቑጽሪ 1907 ዝፍለጥ እገዳ፡ ፍትሓዊ'ዩ። ንቃልስና ድማ ዘንህርን ዘበርኽን ውሳኔ'ዩ።

## ዲክታቶር ኢሳያስ ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መሕተት ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሕማቕ ኩነታት ተኣሚኑ፡

ዲክታቶር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብኣጋጣሚ ሓድሽ ዓመት 2010 ካብ ባሕቲ ጥሪ ክሳብ 4 ጥሪ 2010 ንብዙሕ ጉዳያት ዝትንክፍ ጠብሎቕሎቕ ዝሳዕረሮ ነዊሕ ቃለ-መሕተት ኣካይዱ። ኣብቲ ዝገበሮ ቃለ-መሕተት፡ ከም ፕረሲደንት ሃገር ብዛዕባ ፖሊሲታት መንግስቲ ድዩ ተዛሪቡ? ከም ዳይረክተር ማእከል መጽናዕትን ምርምርን ኮይኑ ድዩ ተዛሪቡ? ከም ብዛዕባ ሃገራትን ዞባን ዓለምን ዝግደስን ዝከታተልን ናጻ ፖለቲካዊ ክኢላ ኮይኑ ድዩ ተዛሪቡ? ወይ'ውን ከም ተንባዪ ሊቅ ፈላስፋ ኮይኑ ድዩ ተዛሪቡ? ንብዙሓት ተንተንቲ ፖለቲካ ከም መን ኮይኑ ይዛረብ ከም ዝነበረ ኣካታዒ ኮይኑ ኣሎ። ዝኾነ ኮይኑ ኣብዚ ናይ ሎሚ ቃለ-መሕተቱ ኣብ ብዙሕ ንሃገር ዝትንክፉ ኣገደስቲ ጉዳያት (ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ጸጥታውን ዞባውን) ፖለቲካዊ ስርዓቱ ብዝኸፍአ ኩነታት ይሓልፍ ምህላዉ  እናተሰርነቐ ተኣሚኑ። እዚ ከኣ ብዓይኒ ተንተንቲ ፖለቲካ ኤርትራ፡ ቃልሲ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ሰዲሩን ጎልቢቱን ንቕድሚት ይግስግስ ምህላዉ ዝገልጽ ምልክት ምዃኑ ይእምቱ።

ካብ'ቲ ንኣርባዕተ መዓልቲ ዘካየዶ ቃለ-ማሕተት ብዙሕ ሃጠው ቀጠውን ኣሰልቻውን ትንታኔኡ ንዝኣመነሉ ጉዳያት ጥራይ መዚዝካ ምውጻእ ሓያል ትዕግስቲ ዝሓትት'ዩ። ኣብ ጉዳያት ኢትዮጵያ፡ ጂቡቲ፡ ሱዳን፡ የመን፡ ፍልስጢኤምን ኣመሪካን ... ወዘተ ኣመልኪቱ ዝገለጾ ተንታናት ዝምልከት ብቐጥታ ንዝምልከቶም ሰብ ጉዳያት ገዲፍናዮ ኣለና። ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ነቲ ዲክታቶር ኢሳያስ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ኩነታት ኤርትራ ንዝተኣመነሉ ጉዳያት ጥራሕ ሰሪዑ ንምቕራብ ኣድላዪ ጻዕሪ ብምክያድ፡ ንኣንበብቲ ግልጺ ብዝኾነ መንገዲ ብከምዚ ዝስዕብ የቕርብ፡-

**ኣብ ቀዳማይ ክፋል 1 ጥሪ 2010፡**
**ኣብ ኤርትራ ሕጽረት መግቢ ምህላው፡**

“…. ኣብ 2007 ክረምቲ ጽቡቕ'ኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ምምሕዳራዊ ጉድለታት ከምቲ ዝግባእ ኣይተጠቐምናሉን። ኣብ 2008 ክረምቲ ጽቡቕ ስለዘይነረ ምህርቲ ኣይነበረን። ኣብ 2009 ክረምቲ ኣብ መጀመርታ ጽቡቕ ኔሩ፡ ኣብ መወዳእታ ግን ተኾሊፉ። ኣብ ርእሲኡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ክትግበር ዘቐመጥናዮ ቀዳምነታት ኣይተተግበረን። ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ'ውን ብሰንኪ ምምሕዳራዊ ጉድለታት ብዙሓት መደባት ኣይተፈጸሙን። እዚ ከኣ ኣብ ህዝብን ጥሪትን ክልተ መግዳዕቲ ኣሎዎ። ዓጸቦ'ዩ ዘየሎ'ምበር ጥምየት ኣሎ። ስለዚ ናይ ህዝብን ጥሪትን ህጹጽ ረዲኤት ዝግብኦም ብዙሓት ከባብታት ኣለዉ” በለ። ኣብ ኤርትራ ውሕስነት መግቢ ኣውሒስና'ሎና እናበለ ኣብ ዓለም ባዶሽ መልእኽቲ ከመሓላልፍ ብድሕሪ ምጽናሕ፡ እንሆ ሎሚ ከይፈተወ ተቐሲቡ ኣብ ህዝብን ጥሪትን ክልተ መግዳዕቲ ብምኽሳቱ ጥምየት ምህላዉ ተኣሚኑ።

## ምህናጽ ኣባይቲ፡-

“… ቤት ወሳኒ'ዩ። ምልክት ዕብየት'ዩ። ንህዝቢ መነባብርኡ ዘመሓይሽሉ'ዩ ዓዱ ዝባሃል። ምህናጽ ኣባይቲ ኣብ ሞንጎ ዓሰርተ ዓመታት ሓርጎጽጎጽ ኔርዎ። ነተን ትካላት ብዙሕ ማሕንቖታት ከጋጥመን ጸኒሑ። ከም ሕጽረት ነዳድን ስሚንቶን ናህሪ ዋጋታት ናውቲ ህንጻን ካልእን ዝኣመሰለ። በዚ ምኽንያት ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዝጀመርዎ ምህናጽ ኣባይቲ ንቕድሚት ክኸይድ ኣይከኣለን” በለ። ስለዚ እቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝነብር ኤርትራዊ ዜጋ ቤት ክሰርሕ ዘኽእሎ ዓቕሚ ከም ዝተዳኸመን፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዝጀመርዎ ምህናጽ ኣባይቲ ክቕጽልዎ ከምዘይከኣሉን ተኣሚኑ።

## መዳያት ትምህርቲ፡-

“…. ኣብ ትምህርታዊ መዳይ ይትረፍዶ ዘዕግብ፡ ፍርቂ ዘዕግብ ኣይተሰርሐን። ወፍሪ ትምህርቲ ከምቲ ዝግባእ ኣይተኻየደን። ናይ መባእታን ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ካሪክለም ጽርየት የብሉን። ኣብያተ-ትምህርቲ ብቑዓት መማህራንን እኹል መጻሕፍትን ጥዑይ ምሕደራን የብለንን። ንመማህራን ኣብ መነባብርኦም ምቹእ ኩነታት ኣይተማላኣሎምን” በለ። ስለ'ዚ ኣብ ኤርትራ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን መቐረት ከምዘየሎ ተኣሚኑ።

## ኣባላት ኣስገዳድ ኣገልግሎት፡-

“… ናይ ጁባ'ውን የብሎምን። ከብዶም ብግቡእ ይመልእ የሎን። ሕሰም ዝረኽቡ ዘለዉ'ዮም። ናይ ነፍሶምን ቤተ-ሰቦምን ሸኽም ሓላፍነት መነባብሮ ጸቕጢ ይገብረሎም'ዩ” በለ። ስለዚ ኣባላት ኣስገዳድ ኣገልግሎት ንነብሶምን ቤተ-ሰቦምን ኣብ ዘይጥቀምሉ ጊላዊ ዕዮ ይሳቐዩ ምህላዎም ተኣሚኑ።

## ኣብ ካልኣይ ክፋል 2 ጥሪ 2010

## ኣህጉራዊ ተጽዕኖታት፡-

“….. ናይ'ዚ ሃገር ዓቕሚ ሰቡ ንምዝቋቕን፡ ተቓውሞ ንምዕባይን፡ ካብ ዓለም ንምንጻልን፡ መንግስቲ ኤርትራ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ሃይማኖታዊ መሰላትን ይፍጽም እናበልካ ንኤርትራ ከም ተናኻሲት ሃገር እናቆጸርካን ሓያለይ ጸቕጥታት ክግበረልና ጸኒሑ። እዚ ድማ ኣሰር ኣይገደፈን ክባሃል ኣይከኣልን” በለ። ስለዚ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ክገብረሉ ዝጸንሐ ተጽዕኖታት ዓበይቲ ስምብራት ከም ዝገደፈሉ ተኣሚኑ።

## መስርሕ እገዳ፡-

“… ሃገራት ኢጋድ ነንሕድሕደን ዝተሓሳሰዋ ስለ ዝኾና ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ክግበር ኣሎዎ ኢለን። ባይቶ ሰላምን ጸጥታን ኣፍሪቃ ናይ ኢጋድ ውሳኔ ደጊፉ። ሕብረት ኣፍሪቃ ናይ ባይቶ ሰላምን ኣፍሪቃን ውሳኔ ደጊፉ። ኣብ መወዳእታ ድማ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ናይ ሕብረት ኣፍሪቃ ውሳኔ ደጊፉ። ኣብ'ዚ ቻይናን ሩስያን ፈረንሳን ጠሊመናና። ኣብቶም ናይ መገሻ እገዳ ዝገበርሎም የማነ ገብረኣብ፡ ዓሊ ዓብዱ፡ ጠዓመ መቐለ ይርከብዎም” በለ። ስለዚ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ዲክታተርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ዘንበሮ እገዳ መስርሑን ግዜኡን ሓልዩ ዝመጸን ኩለን ኣባል ሃገራት ሕብረት ኣፍሪቃ ዝተሰማምዓሉ ምዃኑን ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ማሓንቖ ኣትዩ ምህላዉን ተኣምኑ።

**<u>ኣብ መዳያት ቁጠባ፡-</u>**

"… ከም ኣባል ሃገራት ባንኪ ዓለም ዝግባኣና መሰል ከይንረክብ ተኣጊድና ጸኒሕና። ሓዋላ ንምሕናኞ ናይ ከትሪ ባንካታት ምግባር። ኣብ ኤርትራ ናይ ግዳም ወፍርታት ከይካየድ ሰላም የሎን፡ ናይ መንግስቲ ቁጠባዊ ፖሊሲ ቅርጥው ኣይኮነን፡ ጸጥታ ንምርባሽ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ሃሱታት (ተቓወምቲ ማለቱ'ዩ) ምልኣኽ፡ ብፍላይ ድማ ናይ ቢሻ ወርቂ ከይወጽእ ሃሱሳት እናለኣኽካ መኻይን ምንዳድ ክገጥመና ጸኒሑ" በለ። ስለዚ ካብ ባንክ ዓለም ልቓሓት ክረክብ ከም ዘይጸንሐን፡ ኣብ ወጻኢ ካብ ዝርከቡ ኤርትራውያን ዝሓፍሶ ዝነበረ ሓዋላ ኣህጉራዊ ምቁጽጻር ይካየደሉ ከም ዝጸንሐን፡ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ወተሃደራዊ ስጉምትታት ብዝተወሰነ ደረጃ ኣድማዒ ውቅዒት ምንባሩ ተኣሚኑ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት እናተሃንዘለ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ብዓበይቲ ፍሽለታቱ ክኣምን እንከሎ፡ ፖሊሲታቱ ንምዕራይ ብንቕሓት ዝሓዞ ነቐፌታዊ ገምጋም ዘይኮነስ ውድቀቱ ይቀራረብ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ዝመጽእ እዋናት ናይቲ ፍሽለት ሓላፍነት ናብ ገለ ባእታታት ኣርካናቱ ብምድርባይ ንውሽጣዊ ቅንጸላ ጥጡሕ ባይታ ዝፈጥር ክኸውን ይኽእል'ዩ። እዚ ተርእዮ'ዚ ንገዛእ ርእሱ ጽዑቕ መግለጺ ናይ ቅድመ ግድነታዊ ውድቀቱ ዘሎ ምንዛዝዩ ዝመስል።

## ዓብደላ ጃብር: ስርዓት ህግደፍ ካብ ነዊሕ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ተንጽሎ ምንባሩ ተኣሚኑ፡

ኣብ ባሕቲ ጥሪ 2010 ዲክታቶር ኢሳያስ ኣብ ዘካየዶ ነዊሕ ቃለ-መሕተቱ "… ባይቶ ጸጥታ ሕሙም'ዩ። ኣብኡ ዘሎዉ ሰባት'ውን ሕሙማት'ዮም" ከም ዝበለ ዝዝከር'ዩ። ስርዓት ህግደፍ ካብ ጽባሕ ባይቶ ጸትታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊኡ ውሳኔ እገዳ ቁጽሪ 1907 ካብ ዝወሰነሉ ግዜ ጀሚሩ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብኩሉ ማሕበረ ጽፍሕታቱ ኣብ ጎኑ ንምስላፍ ሰፊሕ ፖለቲካዊ ጎስጓስ ኣበጊሱ ኣሎ። በዚ መሰረት ዓብደላ ጃብር ዕለት 21 ጥሪ 2009 ኣብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይካኣሎ (ሳዋ) ንተማሃሮ 12 ክፍሊ ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ፡ "……ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝወሰኖ ዘሕንኽ እገዳ'ዚ፡ ን12 ዓመታት ብኣመሪካ ክጥጃእ ዝጸነሐን ሓድሽ ከምዘይምኳኑን…." ምግላጹ ቲቪ ኤረ ሓቢሩ። ከምኡ'ውን ነቶም ተማሃሮ ብሲቪላዊ በብናታቶም ክዳውንቲ ዘይኮነሰ ወተሃደራዊ ዩኒፎርም ለቢሶም ከሎዉ ብስእሊ ኣቕሪባቶም።

ስርዓት ህግደፍ ብክንድ'ቲ ካብ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዝተነጸሎ ዓመታት'ዩ ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ'ውን ተነጺሉ። ዋላ ንናይ ዓብደላ ጃብር ዘረባ እንተወስድናዮ ካብ 1997 ክሳብ 2009 ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ ተነጺሉ ከም ዝጸነሐ ጭቡጥ መረጋገጺ'ዩ። እዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት'ዚ ቅድሚ ዶባዊ ኵናት ኤርትራን ኢትዮጵያን "… ትርጉም ኣልቦ ኵናት …" ብኣበሃህላ ኢሳያስ ድሕሪ ስምምዕ ኣልጀርስ) ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ክንጸል ጀሚሩ ኔሩ ማለት'ዩ። ኣብ ዝኾነ ታሪኻዊ እዋን ናይ ዲክታቶራውያን ስርዓታት ውድቀት ምልክታት ሒቕ-ሒቕታ ትንፋሶም ክትወጽእ ክትጅምር እንከላ፡ ንህዝቢ ይጸርፉ፡ ብዛዕባ ሓቀኛ ሓናዊ ኩለ-መዳያዊ ቅልውላው ስርዓታቶም፡ ሒቕ-ሒቕ እናበሉ ገለ ሓቅታት ከውጽኡ ይጅምሩ። ስርዓት ኢሳያስ'ውን ካብኣቶም ዝፍለ ባህሪ የብሉን። ኢሳያስ "…ቀዳም-ቀዳም በጊዕ ክንሓርደሎም ድዮም ደልዮም!? ከም ካርቶናት ገዛውቲ ኮፍ-ኮፍ ከነብለሎም ዲዮም ደልዮም!? ኣብ ኣስመራ ዘይጠዓሞ ናብ ገጠር ይኺድ፡ … ሓንቂቖም" ምባሉ ዝዝከር'ዩ። እዚ ከኣ መግለጺ ናይቲ ኣብ ህዝቡ ዘሎዎ ንዕቀት'ዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ህግደፍ ብዝለዓለ ደረጃ ንዝተረኣየ ናይ ህግደፍን መንግስትን ላዕለዎት ሰበስልጣናት ተቓውሞ ብ"… ዕጥቆም ዝፈትሑ ተምበርከኽቲ፡ ሃገራዊ ክድዓት" ብዝብል ብምኽሳስ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ክኣስሮም እንከሎ፡ ነቶም ካብ ቀጽሪ ህግደፍ ወጻኢ ብዝኾነ ናጻ ውዳበታት ዝቃወምዎ ድማ "….ሃሱሳት …" ብምባል ብኣካል ንምቕንጻሎም ኩለ መዳያዊ ዓፈና ንምውሳድ ዘይተኣደነ ጨካን ስጉምትታት ክወስድ ጸኒሑን ይወስድ ኣሎን። እዚ ከኣ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰፊሕ ህዝቢ ናይ ዘሎዎ ንዕቀት መግለጺ'ዩ። ዲክታቶርያዊ ስርዓታት ብውዱብን ሓውሲ-ውዱብን፡ ብቅሉዕን ስቱርን ደያቢ ተቓውሞ ስለዝኸበቡ፡ እናሰወዱን እናተሓደሱን እናሓየሉን ተሰማዕነቶም እናዓበየን ዝኸይድ ዘይኮነስ፡ ካብ ህዝቦምን ከባቢኦምን ርሑቕን እናተደፈሩን፡ እናተዳኸሙን፡ ክሳብ ውድቀቶም ብትኹል እናኣንቆልቆሉን'ዮም ዝኸዱ።
ኣብ መስርሕ ምንቍልቋል'ዮም ናይ ሞት ሒቕ-ሒቕታ ምልክታት ዘርእዩን ብለካሚኦም ገለ-ገለ ሓቅታት ክኣምኑ ዝጅምሩ። ስለ ዝኾነ ኢሳያስ ኣብ ባሕቲ ጥሪ 2010 ቃለ መሕተቱ ብገለ ማሕበራውን ቁጠባውን

ቅልውላው ክኣምን ዝተገደደ። ከም መቐጸልታ ናይዚ ድማ ዘምህረት የውሃንስን የማነ ገብረኣብን ሓጎስ ክሻን ዓብደላ ጃብርን ኣብ ዘካየድዎ ናይ ህዝቢ ኣኼባታት "….ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘይእዉጅ እገዳ ነዊሕ ግዜ ወሲዱ ጸኒሑ'ዩ" ኢሎም። ኣብ ናይ ሳዋ ኣኼባ ዓብደላ ጃብር ቅድሚኡ ንዝበሎ'ዩ ኣነጽር ኣቢሉ ደጊምዎ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ብናይ መንእሰያት ተማሃሮ ደገፍ ብፍጹም ክማሙቕ ኣይክእልን። ኤርትራውያን ተማሃሮ ብሓፈሻ ተማሃሮ ሳዋ ድማ ንዐኦምን ወለዶምን ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ብኩሉ-ዓይነት ኣገባብ ጭካነ ንዝቐጽዕ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣይድግፍዎን'ዮም። ሳዋ ካብ 1994 ክሳብ ወተሃደራዊ መደበር ታዕሊም ዝነበረትሉን፡ ካብ 2003 ክሳብ ሕጂ ቤት ትምህርቲ መዛዘሚ ካልኣይ ደረጃ (12 ክፍሊ) ዝተለወጠትሉን እዋናት ኣብ ልዕሊ ተዓለምትን ተማሃሮን ማእለያ ዘይብሉ ኢሰብኣዊ ግፍዕታት ተፈጺሞም'ዮ። ገለ ካብቲ ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣሰቃቒ መቕጻዕቲ ፡ ከም ማእሰርቲ ቁጽሪ ሸሞንተ፡ ሄሊኮፕተር፡ ኩርንኩሪት፡ ኣብ ጸሓይ ምስጣሕ፡ ንእሱር ብልዕቱ ጥራሕ ብውሽጣዊ ስረ (ሙታንቲ) ሰቲርካ ንካልእ ኣካላቱ ጥራሕ ነፍሱ ኣውጺእካ ሃመማ ክዓስልዎ ምእንቲ ጸባ ኣፍሲስካ ቀትሪ ኣብ ሞንጎ ክልተ ትኹላት ዕንጨይቲ ብቁመት ምእሳር፡ ፍርቂ ኣካል ኣብ ጉድጓድ ምድፋን፡ ሰብኣውን ባህላውን ክብርታት ደቂ-ኣንስትዮ ምድፋር፡ መርሽንቲ፡ ዝኣመሰሉ'ዮም። ከምኡ'ውን ኣብ ተማሃሮ ወይ መማህራን መጽሓፍ ቅዱስ ይኹን ክታብ ቁርዓን እንተጸንሖ ኣኪብካ ኣብ በርሚል ጎሓፍ ኣኪብካ ብሓዊ ምቅጻል፡ ዝኾነ ዓይነት ሃይማኖታዊ እምነት ከይዝውተር ምኽልካል። ኣብ ሞንጎ ተማሃሮ "ሕመረት" ዝብል ምስጢራዊ ዋህዮ ህግደፍ ብምስኳዕ ሓድነት ተማሃሮ ምዝራግ። ንተማሃሮ ካብ መደቀሲኦም ናብ መምህሪ ክፍሊ ንጉሆን ምሸትን ብፖሊስ እንዳኮብኮብካ ምምልላስ። ብሰንኪ ኣብ ሳዋ ዝተፈጸሙ ግፍዕታት፡ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዙርያ ተዓለምቲ ወይ ተማሃሮን ዓበይቲ ኣቐንዘውቲ ክስተታት ተራእዮም'ዮም። ኣብ ሳዋ ዘሎዉ መቓብር ተዓለምትን ተማሃሮም ብዓሶ ናይ ዝሞቱ ኣይኮኑን። ብግፍዒ ናይ ዝተረሸኑን፡ ብኣንጸርጽሮት ነፍሶም ዝቀተሉን'ዩ። ስለ'ዚ እዞም መቓብር'ዚኣቶም ህያው ምስክር ኣሰር ግፍዕታት ህግደፍ'ዮም።

መንእሰያት ኤርትራ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ተማሃሮ ኣብ ልዕሊ ጨቋኒኦም ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ ንዝተወሰነ እገዳ፡ እንቋዕ! ኣሰይ-ዳኣ! ኮነ'ዮም ዝብልዎ'ምበር ዝሓዝንሉ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ብድሕሪ ውሳኔ እገዳ ብዕለት 5 ጥሪ 2010 ኣብ ማዓስከር ደንደን (ውሽጢ ኣስመራ) ንስርዓት ህግደፍ ዝቃወም ጽሑፋት ዝዘርግሑ'ኮ መንእሰያት'ዮም። ኣብ ሳዋ ቀቅድሚ ኣኼባ ዓብደላ ጃብር፡ ነቲ ስርዓት ዝቃወም ጽሑፋት ዝዘርግሑ'ኮ ሓለፍቲ ዞባዊ ስርሒታት (ጀነራላት) ኣይኮኑን። ብዚ ምኽንያት'ዚ ዝተኣሰሩ መማህራንን ተማሃሮን'ኮ መንእሰያት'ዮም። መንእሰያት ኣብ ተቓውሞ ኣይጽንበሩን ኣሎዉ ዝብሃል ዝነበረ ገለጻታት በብእዋኑ ይስገር ስለ ዘሎ፡ ሰፊሕ ሓፋሽ መንእሰያት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውዳቕ ኣብ ዘዝሃለዉሉ ከባብታት ምስ ኩነታቶም ብዝሳነ ኣገባብ፡ ተቓውሞኦም ብዝበለጸ ንምውዳብን ንምብራኽን ሃገራዊ ሓድነት ንምዕቃብን ሓያሎይ ጻዕርታት'ዮም ዘካይዱ ዘለዉ።

## ስነ ስርዓት ቀብሪ
## ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት
## ብክብ ዝበለ ስነ ስርዓት ተፈጺሙ፡

ስነ ስርዓት ቀብሪ ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት ብሓሙስ ዕለት 07 ጥሪ 2010 ኣብ ስቶክሆልም ዝርከብ መካነ መቓብር Skogskyrokogarden ብክብ ዝበለ ስነ ስርዓት ተፈጺሙ። ልክዕ ሰዓት 11 ቅ.ቀ. ጸሎተ ፍትሓት ኣብ'ቲ ቀጽሪ'ቲ መካነ መቓብር ዝርከብ ቤተ ክርስትያን ጀመረ። ኣዳራሽ ቤተ ክርስትያን ነቲ ልዕሊ 1500 ዝኸውን ህዝቢ ምእካል ስኢኑ ብዙሓት ኣብ ቀጽሪ ናይ'ቲ ቤተ ክርስትያን ክጽበዩ ተገደዱ።

ካብ ቤተ ሰቡን መቓልስቱን ፈተውቱን ዝቐረበ ጉንጉን ዕምባባታት በብሓደ ኣብ ዙርያ ናይ'ቲ ብባንዴራ ኤርትራ ተጎልቢቡ ዝነበረ ሬሳ ነፍስሄር ኢዮብ ብስራት ተነቢሮም ነቲ ኣዳራሽ ኣማዕረግዎ። ከም'ዚ ኢሉ ድማ ሓርበኛ ኢዮብ ብዕምባባታትን ብስድራ ቤቱን ብመቃልስቱን ብኹሎም ፈተውቱን ተኸቢቡ፡ ንኣስታት ሓደ ሰዓት ዝኸውን ጸሎተ ፍትሓት ተኻይድሉ።
ካብ'ዚ ቐጺሉ ዲሲፕሊን ብዝመልኦ ኣገባብ፡ ቅድም ስእሊ ስዉእ ኢዮብን ሰንደቕ ዕላማን ዝሓዙ ናይ ቃልሲ ብጾቱ፡ ቀጺሉ ድማ ናይ ቀረባ ቤተ ሰቡን ፈተውቱን ንክብሩ ኢሎም ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝመጹ ኣፉነውቱን ተዓጂቦ ናብ ናይ መወዳእታ መዕረፊኡ ምስ በጽሐ፡ ቅድሚ ግብኣተ መሬት ብሓው ነጋሽ ዑስማን ካብ ንእስነቱ ዝጀመረ ሓጺር ታሪኽ ህይወት ተነበ።

ድሕሪ ሓመድ ድበ፡ ስርሖም ኣሞንጕዮም ዝመጹ ቐባሮ ጽንዓት ይሃብኩም ኢሎም ብቤተ ሰብ ተመስጊኖም ነናብ ስርሖም ኣምርሑ። እቶም መብዛሕትኦም ቀባሮ ድማ ናብ'ቲ ተዳሊዩ ዝነበረ ኣዳራሽ ከዱ። ኣብቲ ኣዳራሽ ዝጸንሐ እኽለማይ ምስ ለኸፉ፡ መዝሙር ስውኣት ብሓባር ዘመሩ።
ቀጺሉ ብጾቱን ፈተውቱን፡ ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት ብሞት ካባና ምፍላዩ ዝተሰመዖም ሓዘንን ኣብ ቃልሲ ህዝብን ሃገርን ዝገበሮ ዝነኣድ ኣበርክቶን ብሓበን ብምግላጽ ብግጥምታትን ብጽሑፋትን ስምዒቶም ነቲ ኣዳራሽ መሊኡ ዝነበረ ህዝቢ ኣስምዑ። ካብ'ቲ ዝቐረበ መግለጽታት፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ክርድኦ ዝኽእል፡ ስዉእ ኢዮብ ብስራት ኣብ ቃልሲ ጽኑዕ፡ ምስ ህዝቢ ዝነበሮ ዝምድና ድማ ኣብ ሕድሕድ ምክብባርን ምትሕልላይን ዝተሞርኮሰ ምንባሩ ኢዩ።
ካብ'ቶም ዝቐረቡ መግለጺ ሓዘን ድማ፡-

1. ቃል ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብዶር. በየነ ኪዳነ ኣባል ፈጻሚ ኣካል።
2. ቃል ኤርትራዊ እስላማዊ ሰልፊ ንፍትሕን ልምዓትን ብሓው መ.ኑር ከራኒ።
3. ቃል ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓው ተስፋይ ወልደሚካኤል።
4. ቃል ኤርትራዊ ፈደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ብሓው መ. ዑስማን ኢድሪሳይ።

1. ቃል ጉጅለ ክንክን ጥዕና ምእንቲ ኤርትራ ብመሓዛ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ወ/ሮ ክሪስቲና ብዮርክ።
2. ቃል ገዲም ተጋዳላይ ሳልሕ ሰይድ ሓዮቲ።
3. ቃል ገዲም ተጋዳላይ መሓመድ ብርሃን ብላታ ዓብዱራሕማን።
4. ቃል ዶር. ሃብተ ተስፋማርያም ኣቦ መንበር ሰክረታርያ ማእከላይ ባይቶ ግ.ሃ.ድ.ኤ.
5. ብተወሳኺ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ጀርመን ዝተላእከ ቴለግራም ተነቢቡ።

6. ካብ'ቶም ግጥምታት ዘቕረቡ ድማ፡-
   - ኣቶ ገዛኢ ኪዳነ
   - ወ/ሮ ፍረወይኒ ባይረ
   - ወ/ሮ ለምለም ገብረሚካኤል
   - ኣቶ ገብረሂወት ወልደሚካኤል
   - ካብ ናይ ዘልዓለም ብጻይ ሓርበኛ ኢዮብ

ስዒቡ  ቀባራይ መዝሙር ስዉኣት ብሓባር ድሕሪ ምዝማሩ ብመስርዕ ንስድራ ቤትን ንመሪሕነት ግ.ሃ.ድ.ኤን ጽንዓት ይሃብኩም እናበለ ተፋንዩ።
ቀጺሉ ብዕለት 17 ጥሪ 2010 ኣብ ዝተገብረ ዓሰር ልክዕ ብኽም'ቲ ኣብ ቀብሪ ዝተራእየ ስሩዕ ኣገባብ ተፈጸመ። እቲ መዓልቲ'ቲ ኣብ ስቶክሆልም ዝርከብ ናይ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ብቕዳሴን ዝኽርን ጀሚሩ ብክቡር ኣቦና ቀሺ ያሬድ ተስፋማርያም ዝተባረኸ እኽለ ማይ ጥዒሙ ኣብ መእከቢ ኣዳራሽ ብምዉቕ መንፈስ ተፈጸመ።
ኣብ መደምደምታ፡ ወ/ሮ ሰማይነሽ ኣስፍሃ በዓልቲ ቤት ሓርበኛ ኢዮብ ንኹሎም ካብ ሕማሙ ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ካብ ጐድኒ ስድራ ቤት ከይተፈልዩ ንስድራ ቤት ከጽናንዑን ብኹሉ መገዲ ክትሓጋገዙን ዝጸንሑ ኣሕዋትን ኣሓትን ዓሚቝ ምስጋና ኣቕረባ።
ሓው ነጋሽ ዑስማን ድማ ብወገኑ ስድራ ቤት ክብርትዑ ከም ዘለዎም ብምዝኽኻርን ነቲ ኩሉ በቶም ተሓባበርቲ ዝተኻየደ ስራሕ ብምንኣድ ንድሕሪ ሕጂ'ውን ነታ ስድራ ቤት ከም'ቲ ጽቡቕ ኤርትራዊ ባህልና ካብ ጐድና ክንፍለ ከም ዘይብልና ተላቢዩ።
ኣብ ሽወደን ዝርከባ ናይ ኤርትራውያን ፈነወ ቲ.ቪ. (ቲ.ቪ. ኣዳልን ቲ.ቪ. ዘተን) ናይ ዕለት 10/01/2009 ፈነወኣን ብምሉኡ፡ መቓልስቱ ብምእንጋድ ሰፊሕ መደብ  ብዛዕባ ሓርበኛ ተጋዳላይ ኢዮብ ብስራት ኣቕሪበን።

ዘላኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና !!